# ብፍቓድካ ምምላስ

Tigrinya
Informationen für Asylbewerberinnen und Asylbewerber
ሓበሬታ ንሓተትቲ ዑቕባ

## ናይ ዑቕባ ጥርዓንኩም ምስ ዝንጸግ እንታይ ይስዕብ?

ናይ ዑቕባ ሕቶ ጥርዓንኩም ተነጺጉ ምስ ተነግረኩም፡ ካብታ ሃገር እትወጹሉ መዓልቲ ይንገረኩም። መብዛሕትኡ እዋን ኣስታት 30 መዓልታት ይወሃበኩም፡፡ እቲ ጥርዓንኩም 'ብቑዕ ኣይመስልን' ተባሂሉ ምስ ዝንጸግ እቲ ዝወሃበኩም ገደብ መዓልታት ሓደ ሰሙን እዩ። ብፍቓድኩም ካብታ ሃገር ምስ ዘይተወጹ ኸኣ ብግዴታ ከም ፣ እትስጎጉ ይግበር፡፡ ወጻኢታት መስጎጒ ከኣ ከም እትሽፍንዎ ይግበር ከምኡ ድማ ናብ ጀርመን ኮነ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ንብዙሕ ዓመታት ንኸይትኣትዉ ትእገዱ። ፡ ኣብ ጀርመን ብዘይ ሰነድ ወይ ፍቓድ ክፍሊ ኢሚግሬሽን ክትጸንሑ ኣይፍቀድን፡ ምስ እትርከቡ ከኣ ብፖሊስ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣቲኹም ናብ ሃገርኩም ከም እትምለሱ ይግበር፡፡

## ብፍቓድኩም ክትወጹ ምረጹ እሞ ብመንግስቲ ጀርመን ሓገዝ ክወሃበኩም እዩ

ካብቲ ሃገር ንምውጻእ ዘድልየኩም ገንዘብ ምስ ዘይህልወኩም፡ ብመንገዲ REAG/GARP መደብ ምምላስ ናብ ሃገርካ ኣቢልኩም ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ። REAG/GARP ከኣ ትካል መደብ ምውህሃድን ጉዕዞን ንሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ጀርመን ከምኡ ድማ ብመንግስቲ ዝተደገፈ መደብ ምምላስ ንሃገርካ ማለት እዩ። እቲ ገንዘባዊ ድጋፍ ከኣ ናብ ሃገርኩም ባዕልኹም ንኽትምለስን ብጥንቃቐ ንኽትዳለዉን ይሕግዘኩም። እቲ መስርሕ ምምላስ ተወሃሂዱ ከኣ ኩሉ ወጻኢታት ክሽፈነልኩም እዩ፡፡ ተወሳኺ ገንዘባዊ ድጋፍ ብመልክዕ ምወላ ጉዕዞ ድማ ክቐርበልኩም እዩ፡ ፡ ነቶም ብፍቓዶም ናብ ሃገሮም ዝምለሱ መትከል ክግበረሎም እዩ፡ ንኣብነት መንበሪ ገዛን ስራሕን ንምርካብ ሓገዝ ይግበረሎም፡፡ ኣብቲ ናብ ሃገርካ ምምላስ ዝምልከት ዘሎ ዝተፈላለየ ኣማራጺታት ዝምልከት ከኣ በብውልቅኻ ምምኽኻር ይከኣል እዩ፡፡

## ብዛዕባ መስርሕ ናብ ሃገርካ ምምላስ ዘድልየኩም ምኽሪ ብነጻ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ



ብፍቓድኩም ናብ ሃገርኩም ንምምላስ ዝገበርኩም ውሳኔን ንዝህልወኩም ኩሉ ሕቶታትን ናብቲ ኣብ ምምላስ ንሃገርካ ዝተመደበ ኣማኻሪ ብነጻን ብስቱርን ክተቕርቡ ትኽእሉ። እቲ ኣማኻሪ ምምላስ ንሃገርካ ናብ ሃገርኩም ክትምለሱ ንምድላው፣ ንሓገዝ REAG/GARP ክትምዝገቡን ንኹሉ እቲ ንብፍቓዶም ናብ ሃገሮም ንዝምለሱ ዘድልዮም ካልእ ሓገዛትን ንኽወሃበኩም ይተሓጋገዝ። ሕጋዊ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ምስ ዘይህልወኩም ከኣ ፓስፖርት ክወሃበኩም እዩ፡፡ እቲ ምኽሪ ብግቡእ ንኽርድኣኩም ድማ ተርጓሚ ክቐርበልኩም ወይ ክትርጉመልኩም ዝኽእል ባዕልኹም ምቕራብ ይከኣል እዩ፡፡

እቲ ናይ ዑቕባ ጥርዓንኩም ኣብ መስርሕ እንከሎ ከይተረፈ ምስ ኣማኻሪ ምምላስ ንሃገርካ ምርኻብ ይከኣል እዩ፡፡ ከምዚ ምግባር ንተቐባልነት ናይ ዑቕባ ጥርዓንኩም ኣይጸልዎን እዩ።

እቲ ናይ ዑቕባ ጥርዓንኩም መልሲ ከይተዋህበሉ እንከሎ ብፍቓድካ ንሃገርካ ምምላስ ይከኣል እዩ። ከምዚ ንምግባር ከኣ ኣቐዲምኩም ንጥርዓንኩም ክትስሕቡ ይግባእ፡፡ ጥርዓንኩምም ምስ ሰሓብኩም ድማ ሰነድ ጉዕዞ ብመንገዲ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ጉዕዞን ስደተኛታት (BAMF) ኣቢሉ ናብቲ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ዝሃበኩም ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ተላኢኹ ክትወስዱ ትኽእሉ፡፡


ኣድራሻ ማእከል ምኽሪ ምምላስ ንሃገርካ:

**Elisa Müller**
Amt für Migration und Integration
Schützenstraße 69; 88212 Ravensburg
2. OG, Raum 219
Tel.: 0751/85-9857
E.Mueller@rv.de

**Sebastian Leidinger**
Amt für Migration und Integration
Schützenstraße 69; 88212 Ravensburg
2. OG, Raum 219
Tel.: 0751/85-9886
S.Leidinger@rv.de


ኢንተርነት ክጥቀሙ ንዝኽእሉ ድማ ብዛዕባ ብፍቓድካ ንሃገርካ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ፡
www.ReturningfromGermany.de/en/

BAMF | RETURN

ኣብ ለካቲት 2018 ዝረቐቐ